UNHCR
United Nations High Commissioner for Refugees
Haut Commissariat des Nations Unies pour les réfugiés

ዳግመ-ምጥያስ ናብ ካልእ ሃገር(ሪሰትልመንት) ዩኤንኤችሲኣር(ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰደተኛታ) ሓደ ስደተኛ ካብ ተዓቚቡላ ዘሎ ሃገር (እስራኤል) ናብ ሳልሳይ ሃገር ንምምሕልላፍ ዝሕግዘሉ መስርሕ እዩ። ዳግመ-ምጥያስ ብፍላይ ነቶም ኣብታ ዝዕቆቡላ ሃገር ክሕገዙ/ድጋፍ ክረኽቡ ዘይካኣሉ ውጹዓት ስደተኛታት መፍትሒ ክኸውን ዝዓለመ እዩ።

ቁጽሪ ስደተኛታት ኣብ እስራኤል ምስ ካልኦት ሃገራት ክነጻጸር ከሎ ውሑድ እዩ። ከምኡ'ውን እስራኤል ኣብ እስራኤል ዝነብሩ ስደተኛታት ንምድጋፍ እኹል ጸጋታት ዘለዋ ምዕቡልቲ ሃገር እያ። ይኹን እምበር፡ UNHCR ሓደ ሓደ ግዜ፡ ንህይወቶም ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ሕክምናዊ ኩነታት ዘለዎም ሰባት፡ ስቅያት/ግፍዒ ዝሓለፉ እሞ እኹል ኣገልግሎት ሕውየት ዘይረኸቡ፡ ፍሉይ ድሌት ዘለዎም ህጻናትን ኣብ ሓደጋ ንዝርከባ ደቂ ኣንስትዮን ከም ፉሉይ ስጉምቲ ንኣብ እስራኤል ዝርከቡ ስደተኛታት ኣብ ምጥያስ ይሕግዝ። UNHCR ምስ ዝተፈላለዩ ናይ ረድኤት/ደገፍ ትካላት/ማሕበራት ብምትሕብባር ንመስርሕ ምጥያስ ዝኾኑ ስደተኛታት ንምልላይ ይሰርሕ።

እዚ ሰነድ እዚ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓጺር መብርህን መልስን ክህብ እዩ:

1. ንዳግመ ምጥያስ/ሪስትልመንት ዘድልዩ ቅድመ ኩነት መን እዩ ዘማልእ፧
2. መስርሕ ምሕላፍ ንሪስትልመንት (ዳግመ-ምጥያስ) ብኸመይ ይሰርሕ፧
3. ምትላል ኣብ መስርሕ ሪሰትልመንት

ኣገዳሲ ክጥቀስ ዘለዎ:

• መስርሕ ዳግመ ምጥያስ( ሪሰትልመንት) ነዊሕን ሓያሎ ዓመታት ክወስድ ዝኽእልን መስርሑ እዩ። በዚ መኽንያት እዩ ድማ እዩ መስርሕ ዳግመ ምጥያስ( ሪሰትልመንት) ቁልጡፍ መፍትሒ ንህጹጽ ጸገማት ዘይኮነ ።ስለዚ፡ ዋላ'ውን ጉዳይኩም ንዳግመ-ምጥያስ(ሪስትልመንት) ዝህሉ ተኽእሎ ንምፍታሽ እንተተመሓላሊፉ፡ ኣብ እስራኤል ዘሎ ዕድላት ሓገዝ ምጥቃም ምቕጻል ይግባእ ።

•ናይ መወዳእታ ውሳኔ፡ ስደተኛ ንመስርሕ ሪስትልመንት ምቕባል ወይ ዘይምቕባል፡ **ናይ ሪስትልመንት ሃገር ጥራይ እዩ ዝውሰን** ። UNHCRን ኮነ ሪፈር ዝገብሩ ትካላት ናይ ሪሰትልመንት ሕቶ ብኣወንታ ከም ዝምለስ ውሕስነት/መብጻዓ ክህቡ ኣይክእሉን።ሕቶ ሪስትልመንት እንተተነጺጉ፡ UNHCR ሕቶ ሪስትልመን ናብ ካልእ ሃገር ከምዝሰጋገር ውሕስነት ክህብ ወይ ቃል ክኣቱ ኣይክእልን።

## 1. ንዳግመ ምጥያስ/ሪስትልመንት ዘድልዩ ቅድመ ኩነት መን እዩ ዘማልእ፧

ስደተኛታት ናይ ሪሰትልመንት መሰል የብሎምን።ሪሰትልመንት ንስደተኛታት ኣብ ኣዝዩ ፍሉይ ኩነታት ጥራይ ዝቐርብ መፍትሒ እዩ።

ብ UNHCR ንመስርሕ ሪስትልመንት መታን ክፍተሽ/ክረአ ስደተኛ:

• ኣብ እስራኤል መፍትሒ ዘይብሉ ፍሉይ ጸገም/ማህሰይቲ ክህልዎ ኣለዎ።;

• ኣብ እስራኤል ንኹነታቱ/ታ ዝምልከት ኩሉ ህሉው መፍትሒታት ድሕሪ ምድኻሙ፡ ብሓደ ካብቶም ናይ ሓገዝ ትካላት/ማሕበራት ወይ ብሞያዊ ኣገልግሎት ዝህብ ኣካል(ከም ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ወይ ሓኪም) ናብ UNHCR ክማሓለለፍ ኣለዎ። **ስደተኛ ባዕሉ/ብገዛእ ብውልቁ ናይ ሪሰትልመንት ጥርዓን ከቕርብ ኣይክእልን።**

• ቅኑዕ ናይ ስደተኛ ሕቶን መኽንያትን ክህልዎን ብላዕለዋይ ኮሚሽነር ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ድማ ከም ስደተኛ ኣፍልጦ ክወሃቦን ኣለዎ።

2. መስርሕ ምሕላፍ ንሪስትልመንት (ዳግመ-ምጥያስ) ብኸመይ ይሰርሕ፧

ሓታቲ ዑቕባ ኮነ ስደተኛ ንሪስተልመንት ጥርዓን ከቕርቡ ኣይክእሉን። ዳግመ-ምጥያስ(ሪሰትልመንት) UNHCR፡ ካብቶም ምስ UNHCR ዝሰርሑ ትካላት ሓገዝን ወሃብቲ ኣገልግሎትን እስራኤል ዝመጽእ ረፈራል መሰረት ብምግባር፡ እቶም ኣዝዮም ተሃሰይቲ ዝኾኑ ሰባትን ምስቲ ውሱን ቁጽሪ ዘለዎም በታታት ዝሳማማዕ ንምልላይ ይሰርሕ ።

እዘን ትካላት እዚኣተን ሓተትቲ ዑቕባ ኣብ እስራኤል መዓልታዊ ሓገዝን ደገፍን ዝረኽቡለን ትካላት እየን። እዘን ትካላት ምስ ሓተትቲ ዑቕባ ማሕበረሰባት ቋውሚ ስራሕ ብምስራሕ፡ ኣዝዮም ህሱያት ዝኾኑ ሰባት ከለልያ ይኽእላን ናብ ላዕለዋይ ኮሚሽን ሕቡራት ሃገራት ንመስርሕ ሪሰትልመንት ክራኣየሎም ከማሓላልፋ ይኽእላን።

ናብ መስርሕ ሪሰትልመንት ረፈር ምባል ብመሰርት ጥርዓን/ጠለብ ኣይካየድን፡ እቲ ትካል ብፉሉይ ንኩነታት ሓታቲ ዑቕባ መፍትሒ ክኸውን ይኽእል እዩ ኢሉ ብምግምጋም እዩ ናብ መስርሕ ሪሰትልመንት ዘማሓላልፎ።

*ብውልቂ ንመስርሕ ሪሰትልመንት ዝቐርቡ ጥርዓናት ኣብ ዝኾነ ይኹን ኣጋጣሚ ተቐባልነት ኣይረኽቡን።*

3. **ምትላል ኣብ መስርሕ ሪሰትልመንት:**

• ኩሉ ኣገልጉሎት UNHCR ብዘይ ክፍሊት እዩ። UNHCR ንመስርሕ ሪሰትልመንት ኮነ ካልእ ንስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን ዝህቦ ኣገልጉሎት ክፍሊት ኣይሓትትን።

• ዝኾነ ሰብ፡ ዋላ ሰራሕተኛ UNHCR ይኹን ናይ ረድኤት/ሓገዝ ትካል ፡ ብገንዘብ ወይ ካልእ ሞሳ ኣብ መስርሕ ሪሰትልመንት ክሕግዘካ እየ ዝብል፡ ናብ ቤት ጽሕፈት UNHCR ክሕበር/ሮፖርት ክግበር ኣለዎ። እቲ ሓበሬታ ብኢመይል ISRTEReport@unhcr.org መልእኽቲ ብምስዳድ ክሕበር ይካኣል። UNHCR ትሕዝቶ ኢመይል ኮነ ዝርዝር ሓበሬታ ላኣኺ ብምስጢር ከም ዝሕዞ ቃል ይኣቱ።

• ብተመሳሳሊ ሓደ ስደተኛ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን እዋን ንዝክኾነ ሰራሕተኛ UNHCR መዝነቱ ብዘየገድስ ጉቦ ወይ ክፍሊት ክህብ የብሉን። ከምዚ ዓይነት ፈተነ ኣብ ልዕሊ እቲ ስደተኛ ብመሰረት ዓለም ለኻዊ ሕጊ ገበናዊ መቕጻዕቲ ሓዊሱ ከቢድ ሳዕቤን ክህልዎ እዩ፣።

***ላዕለዋይ ኮሚሽነር ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት(UNHCR ) ኣብ እስራኤል፡ ጥቅምቲ 2024***